# ዑደት ፕረዚደት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ሱዳን፡



*መሓመድኑር ያሕያ*


*ብዙሓት ጋዜጣታት ሱዳን ነቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብ29 ሕዳር 2025 ናብታ ግዝያዊት ምምሕዳራዊት ርእሰ ከተማ ፖርት ሱዳን ዝገበሮ ዑደትን ብመንግስትን ህዝብን ሱዳን ዝተገብረሉ ድሙቕን ምዕሩግን ኣቃብብላን ሰፊሕ ሽፋነ ሂበናኦ። እቲ ብህዝብን መንግስትን ሱዳን ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝተገብረሉ ክብሪ ዝመልኦ ኣቀባብላ፡ መንቀሊኡ ካብ ሓልዮት ንህዝቢ ሱዳን ዝብገስ መርገጺን ኣተሓሕዛን መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሓድነትን መንነትን ሃገረ ሱዳን እዩ።*

*ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ሱዳን ሓንቲ ካብተን ፍሉጣት ሃገራትን መሰረታዊ ዓንዲ ሚዛን ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ምኻናን፡ ኣብ ምርግጋእ መላእ ዞባና ድማ ዓቢ ኣበርክቶ ከም ዘለዋን መልእኽቲ ዘመሓላለፈ እዩ ነይሩ።*

*ዕዙዝ ኣገዳስነት ናይቲ ዑደት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ብዙሓት ጋዜጣታት ሱዳን፡ ብዛዕባ ኣድላይነቱን ትርጉሙን ዘመሓላልፎ መልእኽትን ንምግላጽ ዓምድታተን ገጻተንን ወፍየን እየን።*

*"**ጋዜጣ ኣልተያር**"፡ ኣብ ቀዳማይ ገጻ፡ "**ኣፈወርቂ ዞባዊ ምትሕግጋዝ ንምሕያል ንእድሪስ ተቐቢሉ**" ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘ ዓቢ ኣርእስተ ዜና ሒዛ ወጺኣ። እቲ ርክብ ንመስርሕ ምድልዳል ስትራተጂያዊ ዝምድና ክልቲኣን ሃገራት ከም ዝገምገመ እውን ጸብጺባ። "**ጋዜጣ ኣልዋን**" እውን "**ኣልቡርሃንን ኣፈወርቂን ተራኺቦም፣ መብጽዓ ኣደልዲሎም**" ብዝብል ኣርእስቲ ነቲ ዑደት ሰፊሕ ሽፋነ ሂባቶ። "**ኣል-ኒል ኢንተርናሽናል**" ዝተባህለት ጋዜጣ ከኣ፡ "**ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ፖርት ሱዳን**" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ሰፊሕ ጸብጻብ ኣቕሪባ። "ጋዜጣ ኣል-ካራማ" ብወገና፡ ብድሙቕ ኣርእስቲ "ኣልቡርሃንን ኣፈወርቂን ኣብ ህሉው ምዕባለታት ሱዳን ይዛተዩ፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት የሐይሉ፡ ኣብ ናይ ሓባር ረብሓ ዘለዎም ዞባዊ ጉዳያት ሓሳብ ይለዋወጡ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ነቲ ዑደት ሰፊሕ ጸብጻብ ጽሒፋትሉ።*

ኩለን እዘን ጋዜጣታት ንምብጻሕ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ሱዳን፡ ግዜኡን ትርጉሙን ዝነኣዳ ኮይነን፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምስ ሰበስልጣን ሱዳን ዘካየዶ ዘተ ብዜና መልክዕ ካብ ምግላጽ ሓሊፈን ብዛዕባ'ቲ ዑደትን ክልቲኦም መራሕቲ ዝተዘራረቡሉ ዛዕባታትን ተንቲነን እየን። ገሊኦም ጸሓፍቲ ከኣ ብዛዕባ እቲ ምብጻሕ፡ ኣገዳስነቱ፡ ግዜኡ፡ ዕላማታቱን ኣብ ውጽኢቱ ዘለዎም ትጽቢታትን ጽሒፎም።




ንኣብነት ጋዜጠኛ ራሻን ኦሺ፡ ***"ኢሳይያስ ኣፈወርቂ… ጂኦግራፊ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዓይኒ ታሪኽ ዘንብብ መራሒ እዩ"*** ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ከምዚ ዝስዕብ ጽሒፉ፤

"ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ሓደ ካብቶም ዝተሓላለኸ ዳይናሚክስ ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ምርዳእ ብቕዓት ዘለዎም መራሕቲ እዩ። እቲ ካብ መጀመርታኡ ንኹሉ ዓይነት ሃጸያዊ ዕብለላ ዝተቓወመ መራሒ፡ ሕጂ እውን ነቲ ብምግባት ወደባትን ናይ ወርቂ ሃብቲን ምምዋል ህውከትን ዝኣቱ ዘሎ ሓድሽ ማዕበል መግዛእቲ ጸኒዑ ይገጥሞ ኣሎ። መርገጺ ኢሳይያስ፡ ንሃገራዊ ውሳነታት ካብ ሃገራት እቲ ዞባ ንምምንዛዕ ዝግበር ዝኾነ ይኹን ፈተነ፡ ግጭት ብምውላዕ ኮነ፡ ስትራተጂያዊ ገማግም ባሕሪ ብናይ ምቁጽጻር ህርፋን ዝቐርብ መተሃራረፊ፡ ብግልጺ ዝነጽግ እዩ።

"ኣብ ታሪኽ ሱዳን ኣብ ኣዝዩ ተኣፋፊ ህሞት፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ምብትታን ሱዳን ኣብ መላእ ዞባ መዋቕራዊ ዘይምርግጋእ ከም ዘስዕብ ብምግንዛብ፡ ሓደ ካብቶም ሓድነትን ስምርትን ሃገረ ሱዳን ንምዕቃብ ብግልጺ ዝተቓለሱ ውሑዳት

መራሕቲ እዩ። ነቲ ቅልውላው ወገን ብምሓዝ ኣይርእዮን እዩ። ኣብ ሱዳን ህውከት እንተ ኣስፋሕፊሑ ሃልሃልታኡ ኣብ ውሽጢ ዶባት ከም ዘይሕጽር ብዝኣምን መርገጺ እዩ ዝጥምቶ። እቲ ዞባ ናብ ግጭትን ሕንፍሽፍሽን ከይሸመም፡ ሱዳን ኣብ ምርግጋእ ዞባ ቀይሕ ባሕሪ ዓቢ ተራ ከም ዘለዋ መጠን ኩነታታ ናብ ንቡር ዝመልስ ፍታሕ ንምርካብ ዘካይዶ ዘሎ ጻዕሪ ድማ ጉሉሕ እዩ።

"ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘካየዶ ዑደትን ምስ መሪሕነት ሱዳን ዘካየዶ ርክብን፡ ናይ ፕሮቶኮል ምብጻሕ ጥራይ ኣይኮነን። እቲ ጉዕዞ ሓባራዊ ምኽኑን፡ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ እኩይ ምትእትታው ነጻ ዝኾነ ናይ ጸጥታ ሃዋህው ፈጢረን ዳግማይ ክህነጻ ከምዘለወንን ጽኑዕ እምነት ዝተንጸባረቐሉ እዩ። ኢሳይያስ፡ ልኡላውነት ብግዝያዊ ቁጠባዊ ሓለፋታት ክቕየር ከምዘይክእል፡ መጻኢ ምብራቕ ኣፍሪቃ ድማ ብናጻ ድሌት ህዝብታት ጥራይ ክምእዘን ከምዘለዎ ንምርግጋጽ፡ እቲ ሰፊሕ ተመኩሮኡ ምስክር ምኽኑ ዝረጋገጸ ዑድት እዩ ፈጺሙ።

"ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ በዚ ራእይ'ዚ፡ ሓደ ካብቶም ውሑዳት ጂኦፖለቲካዊ ንቕሓት ናይቲ ዞባ ንምምላስ፡ ካብ ማዕበል ምብትታን ንምክልኻል፡ ከምኡ'ውን ሱዳን ወሳኒ ተራ ዘለዋ ሃገር ብምኧና ብዘይካኣ እቲ ዞባ ርጉእ ክኸውን ከም ዘይክእል ብምግንዛብ፡ ሱዳን ምስ ኩሉ ቁስላ ናብ ባህርያዊ ቦታኣ ንምምላሳ  ዝጽዕሩ ዘለዉ ወገናት ሓደ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።"

ጋዜጠኛ መሓመድ ዑስማን ኣልራዲ ብወገኑ *"ዑደት ፕረዚደንት ኤርትራ ኣብ ሱዳን"* ብዝብል ኣርእስቲ ከምዚ ዝስዕብ ጽሒፉ፤

"ፕረዚደንት ኤርትራ፡ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ እቲ ኵናት ምስ ተወልዐ፡ ብኡ ንብኡ ንጹርን ህዝባውን መርገጺኡ ዝኣወጀ እንኮ ፕረዚደንት ኮይኑ፡ ሕጂ'ውን ብዘይ ደረትን ኣብ ኩሉ ዓውድታትን፡ ብዘይ ፍርሒን ምጥርጣርን ብግልጺ ዝርአ ንሱዳን ዝድግፍ ጽኑዕ መርገጺኡ ዓቂቡ ይርከብ። እዚ ዑደት'ዚ ተራ ዑደት ኮይኑ ዝሓልፍ ዝመስሎ እንተሎ ንኸይደናገር እቲ ሓቂ ምዝራብ የድሊ። ዞባውን ኣህጉራውን ሚዛን ሓይሊ ዝልውጥ እንኮ ዑደት እዩ ከኸውን። ዝበዘሕ እዋን ርክባት መራሕቲ ብምስጢር ዝትሓዝን ብቅሉዕ ዝንገርን ዛዕባታት ዘለዎ ብምኳኑ፡ ዝፍለጥ ኩሉ ይንገር ማለት ኣይኮነን። ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንህዝቢ ሱዳን ሓቀኛ ፍቕሪ ኣብ ምልጋስን ተወፋይነት ኣብ ምርኣይን ብተግባር ዝሰርሐን ዝሰርሕ ዘሎን እዩ። ጸኒሕ ምስላ ከም ዝብሎ "ሓቀኛ ዓርኪ ኣብ ግዜ ሽግርካ ዝሕግዘካ እዩ!"

ኣብ ዩኒቨርስቲ ዓብደልለጢፍ ኣልሐመድ ዝምህር መምህር ኑርኣዲን ዓሊ ብወገኑ፡ ንዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣመልኪቱ ኣብ ዝጸሓፎ ዓንቀጽ ከምዚ ክብል ገሊጹ፤

"ዑደት ፕረዚደንት ኤርትራ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሱዳን፡ ግዝያዊ ዲፕሎማስያዊ ፍጻመ ዘይኮነ፡ ኣብዚ ኣዝዩ ተኣፋፊ ህሞት ኣብ ታሪኽ ዘመናዊት ሱዳን፡ ዓሚቑ ፖለቲካውን ጸጥታውን መልእኽትታት ዝሓዘ ስጉምቲ'ዩ። እዚ ዑደት'ዚ፡ መጻኢ ዕድል እታ ሃገር ብኹናት ክውሰን ኣብ ዝድለየሉ ዘሎ እዋን፡ ሱዳን ሕጂ'ውን ነቲ ኩነታት ዝርድኡን ምርግጋእ ሱዳን፡ መሰረት ምርግጋእ መላእ እቲ ዞባ ምዃኑ ዝግንዘቡን ዞባዊ መሓዙት ከምዘለውዋ ዘጉልሐ'ዩ። ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ፖርት ሱዳን ምእታዉን ዝረኸቦ ወግዓውን ህዝባውን ኣቀባብላን፡ ብኽልቲኡ ወገን ምውህሃድ ንምዕባይን ሓባራዊ ረብሓታት ንምሕያልን ብፍላይ ኣብ ጉዳይ ጸጥታን ዶባትን፡ ከምኡ'ውን ነቲ ሱዳን ሕጂ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዘድልያ ዘሎ ቁጠባዊ ምትሕብባር መገዲ ዝኸፍት እዩ።



"ኤርትራ፡ ምስቲ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘለዋ ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣን ፖለቲካዊ ርዝነትን፡ ብሃውሪ ኣይትሰርሕን እያ። እዚ ዑደት'ዚ ንመንግስቲ ሱዳን ዝድግፍ ቀጥታዊ መልእኽቲ ኮይኑ፡ እቲ ዞባዊ ማዕጾ ከምቲ ገሊኦም ዝሓስብዎ ከምዘይተዓጽወ ዘረጋግጽ እዩ። ብተወሳኺ እዚ ዑደት እዚ፡ ኣብቲ ዞባ ሓድሽ ፖለቲካዊ ኣሰላልፋ ምጅማሩ ዘመልክት ኮይኑ፡ ነቲ ኣብ ቅልውላው ሱዳን ጽልዋ ከሕድር ዝህቅን ኣህጉራውን ዞባውን ምትእትታዋት ኣብ ጥዑይ ሓዲዱ ዝመልስ እዩ። ብተወሳኺ ክልቲኦም ወገናት ዋላ'ኳ እቲ ኹናት እንተተሃለወ፡ ኣብ ውሽጢ ሱዳን ገለ ኣገደስቲ ጽላታት ንምብርባር ክሕግዙ ዝኽእሉ ናይ ቁጠባን ንግዳውን ምትሕብባር መገድታት ክኸፍቱ ተሰማሚዖም ኣለዉ። ብኻልእ

ኣዘራርባ: እቲ ዑደት ፖለቲካዊ ደገፍ ንምሃብን ምሕዝነት ንምሕያልን ዝዓለመ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ሱዳን ኣብ ቃልሳ በይና ከምዘይኮነት ዝነጽር መልእኽቲ'ውን ዘለዎ እዩ። ከምኡ'ውን እዚ ዑደት'ዚ ሃገራት እቲ ዞባ ምንዋሕ ኲናት ንዝኾነ ወገን ብእወታ ከም ዘየገልግል፡ ምስ መንግስቲ ሱዳን ደው ምባል ንርግኣትን ምብትታንን ዞባ ንምክልኻል እቲ እንኮ ኣማራጺ ምኻኑ ክግንዘባ ጀሚረን ምህላወን ዘርኢ እዩ። እቲ ዑደት ኣገዳሲ ሞራላውን ፖለቲካውን ድርኺት ዝህብ፡ ኣብ ዝቕጽል መድረኽ ንሰፊሕ ምትሕብባር በሪ ዝኸፍት፡ ኣብ'ቲ ዞባ ዘሎ ናይ ሓይሊ ምዕሪት ዳግማይ ይተዓራረ ከምዘሎ ዘረጋግጽ፡ ሱዳን ድማ ቀንዲን ዘይትንጸልን ኣካል ናይዚ ምዕሪት'ዚ ምኻና ዘነጽር እዩ።”

ኣብ መደምደምታ፡ ከምቲ ብጋዜጣታትን ጸሓፍትን ዝተገልጸ፡ ኣብዚ ሱዳን ብጽንኩር መድረኽ እትሓልፈሉ ዘላ እዋን፡ ዑደት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብዙሕ ትርጉማት ዘለዎ እዩ። እቲ ዑደት ብግዜ ሓጺር እኳ እንተ ነበረ፡ ብዙሕ ጠቓሚ ስርሓት ተዓሚሙ እዩ። ገለ ካብቲ ብዙሕ ንምጥቃስ መኣዝን ኣብ ምውሳን፡ መስመር ኣብ ምቕናዕ፡ ምስ ኩሉ ሽግራትን ብድሆታትን ዝካየዱ ተጻብኦታትን፡ ጽኑዕን መትከላውን መርገጺ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ምስ ኣሕዋት ሱዳናውያን ዳግም ኣረጋጊጹ እዩ።

ኤርትራ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ካይሮ ብጉዳይ ሱዳን ኣብ ዝዘተየ ዋዕላ ድሕሪ ምስታፋ፡ ምስ ዝተረፋ ጎረባብቲ ሃገራት ሱዳን ብምትሕብባር፡ ናይ ደገ ምትእትታው ንምክልኻል ኣበርቲዓ ሰሪሓ እያ። ምኽንያቱ ኤርትራ ቀንዲ ድሌታ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብቲ ብሓይልታት ክፍኣትን ተጻብኦን ዝውልዕዎ ኲናትን ግጭታትን ዘስዕቦ ዘሎ ቀጻሊ ጸገምን መከራን ምግልጋል እዩ። እዚ ድማ ድሌት ኩሎም እቶም ንጸጥታን ሰላምን ምርግጋእን ናይዚ ዞባ ዝህንጠዩ እዩ። ኤርትራ ካብ ጽባሕ ናጽነት ጀሚራ ኣብዚ ዞባ ንጸጥታን ምርግጋእን መሰረት ንምንጻፍ ብቐጻሊ ክትጽዕር ጸኒሓን ኣላን። ብኢትዮጵያ ዝወረዳ ህልቂት ዜጋታትን ምንዳድ ዓድታትን፡ ምፍጻም ዓበይቲ ገበናት ኲናትን ዘኣመሰለ መዝገብ ታሪኽ ዓጽያ፡ ንረብሓ ህዝብታት እዚ ዞባ ምእንቲ ክሰርሕ ኣካይዳ ዞባዊ ውድብ ኢጋድ ከተስተካኽል ጻዕሪ ኣካይዳ እያ።

ኤርትራ፡ ዋላ ድሕሪ'ቲ ኣብ 1998 ኣብ ልዕሊኣ ዝተፈጸመ ቅሉዕ ወራር ኢትዮጵያን ክሳብ 2018 ዝቐጸለ ተጻብኦታትን ከይተረፈ፡ ኣብ ርእሲኣ ዝተፈጸመ ገበናት እናሃለወ፡ ኣብ ወርሓት ሓምለን መስከረምን ናይ'ቲ ዓመት'ቲ ምስ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ሶማል ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ንሰላምን ምትሕብባርን ንምስራሕ ኣኸናፋ ዘርጊሓ እያ። ብዘይካ'ዚ፡ ኤርትራ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባ ካይሮ፡ ቅድሚኡ'ውን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ዝተገብረ ስምምዕ ኣስመራ፡ ንፕረዚደንታት ዓረባዊት ሪፓብሊክ ግብጺን (ምስሪ) ፌደራላዊት ደሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ሶማልን ሃገረ ኤርትራን ኣብ ሓደ ዘራኸበ ተራ ተጻዊታ'ያ። ነዚ ከምዚ ዘኣመሰለ ጻዕርታት ንምዕንቃፍ ብዙሕ እኩይ ተግባራት ዝካየድ እኳ እንተኾነ፡ ኤርትራውያን ከም ሃገርን ህዝብን ተስፋ

ኣይንቔርጽን ኢና። ኣብዚ ዞባ ሰላምን ምርግጋእን ንምርግጋጽ ብትግሃት ክንሰርሕ ኢና። ዓወት ድማ ወትሩ ምሳና እዩ።